# ኣርማ  ኮምዩኒቲ ትግራይ ኣትላንታ

## ኣርማ ኮምዩኒቲ ትግራይ ኣትላንታን ዝህልዎ ትርጉምን

**ቋንቋና፣ ባህልና፣ ታሪኽናን**

**መንነትናን ይውክል።**

ካብ ኢትዮጵያ ክሳብ ኣመሪካ ዘሎን ዝመፃእናዮ ርሕቀትን ዘሕለፍናዮምን ዘጓነፉናን ናይ ህይወት ፈተናታትን ይውክል።

**ካብ ሃገርና ናብ'ዙ ዘለናዮ**

**ሃገር ንዝመፃእናን ይውክል።**

መንነትና ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ዝመፀ ወለድና ብዝኸፈሉዎ መስዋእትነት ኮይኑ እናሃለወ  ካብ ሃገርና ወፃኢ ንነብር ብምህላውናን ሓበራዊ ፃዕሪ ብዘይምግባርናን ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ደቅና ክበፅሕ ንዝኽእል ናይ መንነት ፀገም ወይ ድማ ኣብ መንነትና ምጥፋእ ዘሎ ሓደጋ ዘርኢ እዩ።

## መዋቅራዊ  ቅርፂ ኮምዩኒቲ ትግራይ ኣትላንታ



**መእተዊ**

ንሕና ኣብ ኣትላንታን ከባቢኣን ነበርቲ ዝኾንና ውሉደ ትግራይን ቤተሰብናን:

- ተራኺብና ሕውነትናን ዕርክነትናን እነጠናኽረሉ፣
- ናይ ሕድሕድና ፀገምን ደስታን ብሓደ ኮይንና ንካፈለሉ፣
- ክእለትና፣ ተሞክሮና፣ ግዜናን ገንዘብናን ኣዋፂድና ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ እነውዕለሉ፣
- ፍቅሪ ስኒትን ምክብባርን ከምኡ ድማ ኢትዮጵያዊ መንነትና ንደቅና እነሕልፈሉ፣

መድረኽ ኣድላይነት ብምግንዛብ ነዛ "ኮምዩኒቲ ትግራይ ኣትላንታ" ዝተባህለት ካብ'ዙይ ቀፂሉ "ኮምዩኒቲ" እናተባህለት ትፅዋዕ ትካል ኣጣይሽና ኣለና::

እዛ ትካል ነ'ቲ ዝተጣየሸትሉ ዕላማ ንምትግባር እትኽእል፣

- ኣባላታ ግቡኦምን መሰሎምን ፈሊጦም ክሳተፉ ክኽእሉ እንተለዉ:
- እቶም ብኣባላት ተመሪፆም ሓላፍነት ዝተውሃቦም መራሕታ ድማ ስረሖም ብፅፈትን ትግሃትን ክሰርሑ ዝኽእሉ ስልጣኖምን ሓላፍነቶምን ንፁር ብዝኾነ መገዲ ዘመልክት ዓንድን ሕጊን ክህሉ እንተሎ ምዃኑ ብምእማን ነ'ዚ ካብዚ ቀፂሉ ተዘርዚሩ ዘሎ ሕጊ ኣውፂእና ኣለና::

**፩ ሓፂር ርእሲ**

እዚ ደንቢ "ዓንድን ሕጊን ኮሚዩኒቲ ትግራይ ኣትላንታ " ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል

**፪ ኣብ ስራሕ ዝወዕለሉ ጊዜ**

እዚ ዓንድን ሕጊን ኮሚዩኒቲ ትግራይ ኣትላንታ ብጉባኤ 'ታ ኮምዩኒቲ ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት 15 መስከረም 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ኮይኑ ኣብ ስራሕ ይውዕል

**፫ ትርጉም**

ብትሕዝቶኣን ካልእ ትርጉም እንተዘይሃልዩወን እዘን ዝስዕባ ቃላትን ሃረጋትን ኣብዚ ውሽጢ ዓንድን ሕጊን' ዙይ ዝህልወን ትርጉም ከም ዝስዕብ ይኸውን።

1. ኣባል ማለት ናይ ኣባልነት ቅጥዒ ብምምላእ ዘድሊ ክፍሊት ከፊሉ ዝተመዝገበ ውልደ ትግራይን ቤተሰቡን ከምኡ ድማ ኣብ ትግራይ ዝተወልደ/ዝዓበየ ኮይኑ ካብ ትግራይ ዘይውለድ ዘጠቓልል እዩ::
2. ዓንድን ሕጊን ማለት እዛ ኮምዩኒቲ'ዚኣ እትመሓደረሉን እትምረሐሉን ሕጋዊ ሰነድ እዩ
3. ቤተሰብ ማለት ብውልደት ተጋሩ ዝኾኑን ዘይኮኑን ብሓዳር ዝተኣሳሰሩን ደቆምን (ዘዕብዩዎም ካብ ትግራይ ዘይውለዱ'ውን ይውስኽ) ዘጠቓልል ይኸውን።
4. ዕያል ማለት እቶም ብኣባልነት ዝተመዝገቡ መራሕቲ ገዛ ዘመሓድሩዎምን ሓቢሮም ዝነብሩን ደቆም (ዘዕብዩዎም ካብ ትግራይ ዘይውለዱ'ውን ይውስኽ) ወለደምን ይኸውን:: ብምኽንያት ትምህርቲ ካብ

ገዝኦም ተፈልዮም ዝነብሩ ተምሃሮ ኣብ'ዙይ ይጥመሩ። እዞም ዕያል ተባሂሎም ዝተጠቕሱ ከሳዕ ናይ ባዕሎም እቶት ዝረኽቡ ጥራሕ ይኸውን።

5. ስሩዕ ጉባኤ ማለት በብዓመቱ ዝካየድ ናይ ኣባላት ሓፈሻዊ ኣኼባ እዩ

6. ህፁፅ ጉባኤ ማለት ኣድላዪ ኮይኑ ክርከብ እንተሎ ብህፁፅ ዝፅዋዕ ናይ ኣባላት ሓፈሻዊ ኣኼባ'ዩ።

7. ኣትላንታን ከባቢኣን ማለት ኣብ ውሽጢ ግዝኣት ጆርጅያን ከባቢኣ ዘለዋ ካልኦት ግዝኣታትን (STATES) ዝነብር፣ ርሕቀቱ ብዘየገድስ ኣባል ክኸውን ዝደሊ ውልድ ትግራይ ኣባል ናይ ኣባልነት ግቡኡ ክፍፅም እስካብ ዝኸኣለ ናይ ቦታ ርሕቀት ዘይድርቶ ምኻኑ ዝጠቅስ እዩ።

**ዓንቀፅ 1፣ ዕላማ**

1.1 ኣባላት ንሓባር ረብሓና ንሰርሓሉ ካብ ሃይማኖትን ፖለቲካን ናፃ ዝኾነ ንመኸሰብ ዘይወፍር መድረኽ ምፍጣር

1.2 ተሞክሮና፣ ክእለትና፣ ገንዘብናን ግዜናን ብምውዳድ ሕብረትና ኣጠናኺርና ከም ህዝቢ ብሓባር ንቅድሚት ንስጉመሉ ኩነታት ምምችቻው

1.3 ኣብ መንጎና ሕውነት፣ ዕርክነት፣ ፍቅርን ምትሕስሳብን እንፈጥረሉ ነቲ ዘሎ ድማ ኣጠናኺርና ንቅፅለሉ ኩነታት ምፍጣር

1.4 ኣባላት ካብ ዓቅሞም ንላዕሊ ዝኾነ ፈተና ኣብ ዘጋጥሞም እዋን ኣብ ጎኖም ተሰሊፍና ሓገዝና ክንውፍይ ዘኽእለና ኩነታት ምፍጣር

1.5 ደቅና ኢትዮጵያዊ መንነቶም፣ ባህሎም፣ ታሪኾምን ቋንቆኦምን ከይርስዑ፣ እቶም ኣብዚ ዝተወልዱ ወይ ብህፃንነቶም ዝመፁ ድማ ፈሊጦም ክዓብዩ ዘኽእል ኩነታት ምድላው

1.6 ብሓፈሻ አብ'ዚ ዓንድን ሕጊን ተዘርዚሮም ዘለዉን ካልኦት'ውን ኣብ'ዚ ብዝርዝር ዘይተጠቕሱ ንኣባላት ክወሃቡ ዝግበኦም ኣገልግሎታት ተማሊኦም ክቀርቡ ምግባር

1.7 ሙሉእ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዝነገሶ ኣሰራርሓ እትኽተል፣ ኢንተርኔትን ካልኦት ውፅኢት ቴክኖሎጂ መራኸቢታትን ብምጥቃም ኣባላት ዝሳተፉሉ መድረኽ ምዝርጋሕ

**ዓንቀፅ 2፣ ምምሕዳር**

ኮምዩኒቲ ኣመሓዳድራኣን ኣተሓሕዛ ንብረታን እተካይዶ ብመሰረት እዚ ዓንድን ሕጊን እዩ:: እዚ ዓንድን ሕጊን'ዙይ ነ'ታ ኮሚዩኒቲ ንምምሕዳር ዘድሊ ሕግን ደንቢን ስርዓትን ኣማሊኡ ዝሓዘ ሰነድ እዩ::

**ዓንቀፅ 3፣ ስለ ኮምዩኒቲ ስራሕ ምቁራፅ**

ብቁፅሪ ኣባላት ምውሓድ ወይ ብኻልእ ዝተፈላለዩ ኩነታት እታ ኮምዩኒቲ ኣብ'ዚ ዓንድን ሕጊን ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣገልግሎታት ንምቅራብ ኣብ ዘይትኽእለሉ ኩነታት እንተ በፂሓ'ሞ ብመሰረት ዓንቀፅ

10 ናይዚ ዓንድን ሕጊን ብዝተፀወዐ ሓፈሻዊ ጉባኤ ክውሰን እንተሎ እታ ኮምዩኒቲ ፈሪሳ ስራሓ ደው ተብል::

### ዓንቀፅ 4፣ ንብረትን ገንዘብን ኮምዩኒቲ

4.1 ዝኾነ ይኹን ንብረት ኮምዩኒቲ ኩሉ ጊዜ ብሰም እታ ኮምዩኒቲን ኣብ ትሕዝቶኣን ደኣ እምብር ብሰም ወይም ትሕዝቶ ውልቀ ሰብ ወይም ካሊእ ትካል ኣይኸውንን።

4.2 ገንዘብ ኮምዩኒቲ ኩሉ ጊዜ ኣብ ብሰማ ዝኽፈት ናይ ባንኪ ሒሳብ እምበር ብሰም ዉልቀ ሰብ ወይም ካሊእ ትካል ኣይኸውንን።

4.3 ብመሰረት'ዚ ዓንድን ሕጊን ዓንቀፅ 3 እታ ኮምዩኒቲ ፈሪሳ ስራሕ ደው ክተብል ክውሰን እንተሎ ኩሎም ዕዳታት'ታ ኮምዩኒቲ ምስ ተኸፍሉ እቲ ዝተረፈ ኣባላት ብዝውሰኑዎ መሰረት ተመሳሳሊ ተግባር ንዘካይዳን ንመኽሰብ ንዘይተዋፈራን ትካላት ይወሃብ።

### ዓንቀፅ 5፣ ኣባልነት

ሓደ ሰብ ኣባል ኮምዩኒቲ ኮይኑ ክምዝገብ ዝኽእል ነዘን ዝሰዕባ መመዘኒ ኣማሊኡ ክርከብ እንተሎ እዩ::

5.1 ትግራዋይ ዝኾነ፣ ኣብ ትግራይ ዝተወልደ/ዝዓበየ፣ ወይ ድማ ብመውስቦ ይኹን ብመዕበያ ዝተኣሳሰረ

5.2 ነዚ ዓንድን ሕጊን ዝተቀበለን ንተግባራዊነቱ ክሰርሕ ፍቃደኛ ዝኾነ

5.3 ናይ ኣባልነት ቅጥዒ (FORM) መሊኡን ፈሪሙን ዘቅረበ

5.4 ሕጋዊ መውስቦ ዘለዎም ሰባኣይን ሰበይቲን ኣብ ሓደ ቅጥዒ ይምዝገቡ ከም ሓደ ኣባል ድማ ይሕሰቡ::

5.5 ዕድሚኡ 18 ዓመት ወይ ከኣ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾነን ብመነባብሮ ዓርሱ ዝኽኣለን

5.6 ኣብ ዝምዝገበሉ እዋን $100.00 ን'ታ ኮምዩኒቲ መጠናኸሪ ዝኸፍል

5.7 ኣብ ዝምዝገበሉ እዋን ኣብ ልዕሊ ኣባላትን ቤተሰቦምን ንዘጋጥም ሞት ግልጋሎት ዝውዕልን ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ባንኪ ሒሳብ ዝህልዎን $200.00 ዝኸፍል:: ካብኡ ንዳሓር ድማ በብዓመቱ $100.00 ዝኸፍል

5.8 ነ'ታ ኮምዩኒቲ ስራሕ መፈፀሚ ዝውዕል በብወርሑ $10.00 ዝኸፍል

5.9 ኣባላት ዝኸፍሉዎ ዝኾነ ዓይነት ክፍሊት ነ'ቲ ኣብ'ዚ ዓንድን ሕጊን ተጠቂሱ ዘሎ ዕላማ ዝውዕል ስለዝኾነ ኣባላት ብፍቃዶም ይኹን ብዘይፍቃዶም ካብ ኣባነት ክወፁ እንተለው ዝምለሰሎም ኣይኮነን።

5.10 ብሕማም ኮነ ስራሕ ብምስኣን ወይ ድማ እኹል ኣታዊ ብምስኣን ዝግበኦ ክፍሊታት ንክኸፍል ዓቅሚ ዝሰኣነ ኣባል ክኸውን ዝደሊ ንላዕለዋይ ሽማግለ ብፅሑፍ ናይ ምምልካት መሰል ኣለዎ። ላዕለዋይ ሽማግለ ምኽንያቱ ቅቡል እንተገይሩሉ (እንተኣሚኑሉ) ድማ ኣባል ኮይኑ ይምዝገብን ናይ ኣባልነት መሰሉ ይሕለወሉን።

## ዓንቀፅ 6፣ መሰል ኣባላት

ኣብ ካልኦት ዓንቀፃት ናይ'ዚ ዓንድን ሕጊን ዘተጠቕሱ ከም ዘተሓለዉ ኮይኖም ሓደ ብመሰረት ዓንቀፅ 5 ናይ'ዚ ዓንድን ሕጊን ዘተመዝገበ ኣባል እዘን ዝሰዕባ መሰላት ይህልወኦ።

6.1 እታ ኮሚዩኒቲ ኣብ ትፅውዖም ሓፈሻዊ ኣኼባታት ናይ ምስታፍ፣ ሓሳብ ናይ ምቕራብ፣ ንዝቀረቡ ሓሳባት ብምድጋፍ ውይም ብምቅዋም ርእይቶ ናይ ምሃብ፣ እቲ ሓሳብ ንውሳነ ኣብ ዝቀርበሉ ብድምፁ ናይ ምድጋፍ ውይ ምቅዋም ከምኡውን ኣድላይ ኮይኑ ክረኽቦ እንተሎ ድማ ድምፂ ካብ ምሃብ ናይ ምዕቃብ መሰል ኣለዎ።

6.2 ናይ ላዕለዋይ ሽማግለ ኮነ ናይ ካልኦት ሽማግለታት ኣባላት ናይ ምምራፅን ናይ'ዘን ሽማግለታት ኣባል ኮይኑ ከገልግል ናይ ምውድዳርን እንተ ተመሪፁ ድማ ናይ ምግልጋል መሰል ኣለዎ።

6.3 ዘመን ኣግልግሎቱ ዝፈፀመ ኣባል ላዕለዋይ ሽማግለ ንኻልኣይ ጊዜ ንመረፃ ብተወዳዳሪነት ክቀርብ ይኽእል እዩ:: እንተኾነ ግና ብተኸታታሊ ካብ ክልተ ጊዜ ንላዕሊ ተመሪፁ ከገልግል ኣይኽእልን።

6.4 ኣብዝኾነ ጊዜ ነ'ዛ ኮምዩኒቲ ዝምልከት ዝመሰሎ ሕቶ ብዘይ ምንም ደረት (ገንዘብን ንብረትን ዝውስኽ) ንመራሕቲ'ዛ ኮምዩኒቲ ኣብዝኾነ ቦታን ሰዓትን ከቅርብን ሙሉእ ሓበሬታን መልሲን ክወሃቦን ሙሉእ መሰል ይህልዎ::

6.5 ኣብ ሓደ ኣባል ወይ ድማ ብዕያልነት ዘመዝገቦም ኣባላት ቤተሰቡ ሞት እንተጋጥም ካብ'ቲ ብመሰረት ዓንቀፅ 5 ኣባላት ነ'ዚ ተባሂሉ ዝኸፍሉዎ ዓመታዊ ክፍሊት $15,000.00 ብቐክ ይወሃቦ።

6.6 ሓደ ኣባል ምስኡ ብዕያልነት ዘይተመዝገቡ ወለዱ መፂኦም ናይ ሞት ሓደጋ እንተጋጥሞም ካብ'ቲ ብመሰረት ዓንቀፅ 5 ኣባላት ነ'ዚ ተባሂሉ ዝኸፍሉዎ ዓመታዊ ክፍሊት $5000.00 ብቐክ ይወሃቦ።

6.7 ሓደ ኣባል ኣብ ልዕሊኡ ኮነ ኣብ ቤተ ሰቡ ፀገም ኣብ ዘጋጥመሉ ጊዜ ካብ ኣብ'ዚ ዓንድን ሕጊን ዝተጠቀሱ ካልኦት ዓቅሚ'ቱ ማሕበር ዘገናዘቡን በ'ቲ ብጉባኤ ይኹን ብላዕለዋይ ሽማግለ ዝውሰኑ ሓገዛት ይግበሩሉ::

## ዓንቀፅ 7፣ ግቡእ ኣባላት

ኣብ ካልኦት ዓንቀፃት ናይ'ዚ ዓንድን ሕጊን ዘተጠቕሱ ከም ዘተሓለዉ ኮይኖም ሓደ ብመሰረት ዓንቀጽ 5 ናይ'ዚ ዓንድን ሕጊን ዘተመዝገበ ኣባል እዘን ዝሰዕባ ግቡኣት ክማልእ ኣለዎ።

7.1 ናይ'ዛ ዓንድን ሕጊን ዓንቀፃትን ካልኦት እታ ኮምዩኒቲ ተውፅኦም ሕግታትትን ተቀቢልካ ምትግባር

7.2 እታ ኮምዩኒቲ ኣብ ትፅውዖም ኣኼባታት ኮነ ወፈራታት ምስታፍ ኣብ ዘይተኽኣለ ጊዜ ድማ ንላዕለዋይ ሽማግለ ምፍላጥ።

7.3 ብመሰረት ዓንቀፅ 5 ዓመታዊን ወርሓዊን ክፍሊታት ምኽፋል። እዞም ክፍሊታት'ዚኦም ብዘይምኽፋል ሰለስት ወርሒ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ውዙፍ ዘለዎ ኣባል ክሳብ እቲ ውዙፋ ተኸፊሉ ዝውዳእ ነ'ቶም ኣብ ዓንቀጽ 6 ተጠቂሶም ዘለዉ መሰላቱ ይስእን::

7.4 ብሕማም ኮነ ሰራሕ ብምስኣን ወይ ድማ ካልእ እኹል ኣታዊ ብምስኣን ዝግበኦ ክፍሊታት ንክኽፍል ዓቅሚ ዝሰኣነ ኣባል ንላዕለዋይ ሽማግለ ብፅሑፍ ናይ ምምልካት መሰል ኣለዎ። ላዕለዋይ ሽማግለ ምኽንያቱ ቅቡል እንተገይሩሉ (እንተኣሚኑሉ) ድማ ኣባልነቱ ይኹን መሰላቱ ከምዘሎ ይቕፅል።

**ዓንቀፅ 8፣ ኣኼባታት**

ኮምዩኒቲ እዘን ዝስዕባ ሰለስተ ኣኼባታት ኣለዋኣ

8.1 ብመሰረት ዓንቀፅ 5 ብኣባልነት ዝተመዝገቡን እዚ ዓንድን ሕጊን ዝእዝዞም ግቡኦም ዘማልኡን ኣባላት ዝሳተፉሉ እንተ ወሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ዝፅዋዕ ስሩእ ጉባኤ

8.2 እንተወሓደ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ዝካየድ ኣኼባ ላዕለዋይ ሽማግለ

8.3 እንተወሓደ ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዜ ዝካየድ ኣኼባ ፈፃሚት ሽማግለ

8.4 ላዕለዋይ ሽማግለ ኣድላይ ኮይኑ ክረኽቦ እንተሎ ወይ ከኣ ካብ ኣባላት ኮምዩኒቲ ካብ ሲሶ ዘይወሓዱ ብፊርማ ክሓቱ ከለዉ ህፁፅ ጉባኤ ይፅዋዕ ።

8.5 ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ሽማግለ ኣድላይ ኮይኑ ክረኽቦ እንተሎ ወይ ከኣ ካብ ሲሶ ዘይውሕዱ ኣባላት ላዕለዋይ ሽማግለ ብፊርማ ክሓቱ ከለዉ ህፁፅ ኣኼባ ላዕለዋይ ሽማግለ ይፅዋዕ።

8.6 ህፁፅ ዝኾነ ኩነታት ከጋጥም ከሎ ኣቦ ወንበር ፈፃሚት ሽማግለ ህፁፅ ኣኼባ ፈፃሚት ሽማግለ ክፅውዕ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 9፣ ኣካይዳ ኣኼባ**

9.1 ናይ'ቲ ዕለት ኣጀንዳ ብፀሓፊ ቀሪቡ ይፀድቅ

9.2 ፀሓፊ ከይዲ እቲ ኣኼባ ኣብ ቃለ ጉባኤ ይምዝግብ

9.3 ተሳተፍቲ ሓሳባቶም ክገልፁ ብዘይ ኣድልዎ ዕድል ይረኽቡ

9.4 ኣብ መንጎ እቶም ተኣከብቲ ዘይምስምማዕ ተፈጢሩ ሰላማዊ ኣኼባ ንምክያድ ኣብ ዘይከኣለሉ ኩነታት እንተ ተበፂሑ ኣቦ ወንበር ነቲ ኣኼባ ንኻልእ ጊዚ ኣመሓላሊፉ ይዓፅዎ::

**ዓንቀፅ 10፣ ስሩዕ ጉባኤ**

ስሩዕ (ዓመታዊ) ጉባኤ ነዘን ዝስዕባ ተግባራት ይፍፅም

10.1 ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብላዕለዋይ ሽማግለ፣ ፈጻሚት ሽማግለን ካልኦት ሽማግለታትን ናይ ዝተኻየዱ ስራሕቲ ሪፖርት ሰሚዑ ይግምግም

10.2 ናይ ዝመፅእ ዓመት ትልሚን ባጀትን ይውስን

10.3 ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ኣባላት ላዕለዋይ ሽማግለን: ካልኦት ንዑሳን ሽማግለታትን ይመርፅ

10.4 ኣብ ኻልኦት ብኣጀንዳ ተታሒዞም ኣብ ዝቀረቡ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ኮምዩኒቲ ዘትዩ ይውስን

10.5 ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ዓንቀፃት እዚ ዓንድን ሕጊን ይሰርዝ፣ ይቅይር፣ የመሓይሽ ወይ ድማ ሓደሽቲ ዓንቀጻት ይውስኽ፡:

10.6 ናይቲ ኮምዩኒቲ ሕጊ ዝጠሓሰን ሰላም ዝዘርግን ኣባል ካብ ኣባልነት ይሰርዝ

**ዓንቀፅ 11፣ ህፁፅ ጉባኤ**

ላዕለዋይ ሽማግለ ህፁፅ ጉባኤ ክፅውዕ ዝኽእል ካብ'ዘን ዝስዕባ ሓዲአን ከጋጥም እንተሎ እዩ:

11.1 ህልውና ኮምዩኒቲ ብዝምልከት ተዛትዩ ንምውሳን

11.2 ቁፅሪ ኣባላት ላዕለዋይ ሽማግለ ካብ ክልተ ሲሶ ክውሕድ ከሎ

11.3 ናይ ኣባልነት ግቡኦም ኣማሊኦም ካብ ዝርከቡ ኣባላት እንተ ወሓደ ሲሶ ህፁፅ ኣኼባ ክፅዋዕ ክሓቱ ከለው

**ዓንቀፅ 12፣ ምዝገባ ተሳተፍቲ ጉባኤ**

ኣብ'ቲ ኣኼባ ንምስታፍ ዝተረኽቡ ኣባላት ጉቡኦም ዘማልኡ ምዃኖም ምስተረጋገፀ ኣብ ናይ ኣኼባ መዝገብ ይምዝገቡ

**ዓንቀፅ 13፣ ምልኣት ጉባኤ**

ኣብ ላዕላይ ኣብ ዓንቀፅ 5 ዝተመዝገቡ ኣባላት ካብ'ቶም ግቡኦም ኣማሊኦም ዝርከቡ ኣባላት ካብ ፍርቂ ንላዕሊ እንተ ኮይኖም ምልኣተ ጉባኤ ኮይኑ እቲ ኣኼብ ይካየድ::

**ዓንቀፅ 14፣ ኣካይዳ ጉባኤ**

14.1 እቲ ጉባኤ ብኣቦ ወንበር ተኸፊቱ ስራሑ ይጅምር

14.2 ኣቦ ወንበር እቲ ኣኼባ ነ'ቲ ኣብ ዓንድን ሕጊን ዝተዘርዘሩ ሕግታት ዘማልአ ምዃኑን ምስኣረጋገፀ እቲ ጉባኤ ይጅመር

14.3 ቃለ ጉባኤ ብፀሓፊ ይምዝገብ

14.4 ኣብ መወዳእታ ኣቦ ወንበር፣ ም/ኣቦ ወንበርን ፀሓፊን ነቲ ቃለ ጉባኤ ተናቢቦም ይፍርሙ'ሞ እቲ ጉባኤ ብኣቦ ወንበር ይዕፆ

**ዓንቀፅ 15፣ ኣጀንዳ ጉባኤ**

15.1 ብላዕለዋይ ሽማግለ ዝቀረበን ካብ ኣባላት ኣብ'ቲ ዕለተ ጉባኤ ዘቀረቡ ኣጀንዳታትን ብፀሓፊ ይንበቡ

15.2 መዘራረቢ እቲ ጉባኤ እተን ኣብቲ ኣጀንዳ ዝሰፈራ ኣርእስትታት እየን

15.3 ፍቃድ ጉባኤተኛታት እንተኾይኑ ብኣጀንዳ ዘይተትሓዙ ኣርእስትታት ኣብዚ ኣኼባ ቀሪቦም ክዝተየሎም ይከኣል

**ዓንቀፅ 16፣ ኣወሃህባ ድምፂ ጉባኤ**

16.1 ሓደ ኣባል ሓደ ድምፂ ጥራይ ይህልዎ

16.2 ሰብኣይን ሰበይትን ብሓባር ዝተመዝገቡ'ኳ እንተኾኑ ንሓድ ሓዲኦም ሓደ ድምፂ ይህልዎም

16.3 ድምፂ ዝህቡ ኣብቲ ኣኼብ ዝተረኽቡ ኣባላት ጥራይ እዮም

16.4 ኣወሃህባ ድምፂ ብካርድ ወይ ድማ ኢድ ብምውፃእ እዩ

16.5 ውፅኢት እቲ ድምፂ ብኣቦ መንበር ንኣኼበኛ ይግለፅ።

**ዓንቀፅ 17፣ ውሳነ ጉባኤ**

ካልኦት ዓንቀፃት ናይ'ዚ ዓንድን ሕጊን ከም ዝተሓለወ ኮይኖም: ኣብ ጉባኤ ዝቀረበ ሓሳብ ተቀባልነት ረኺቡ ሓሊፉ ዝበሃል ካብቶም ዝተረኽቡ ኣባላት ብመብዛሕትኦም ክድገፍ እንተሎ እዩ::

**ዓንቀፅ 18፣ ላዕለዋይ ሽማግለ**

18.1 ላዕለዋይ ሽማግለ ብጉባኤ ዝተመርፁ 13 ኣባላት ዘለውዎ ኣካል ኮይኑ ካብ ጉባኤ ቀፂሉ ዘሎ ዝለዓለ ናይ'ቲ ኮምዩኒቲ ስልጣን እዩ::

18.2 ዘመን ኣገልግሎት ናይ ኣባላት ላዕለዋይ ሽማግለ ክልተ ዓመት ኮይኑ ንዐኦም ዝትክኡ ካልኦት ኣባላት ተመሪፆም ርክክብ ንብረት ተኻይዱ እቶም ሓደሽቲ ተመረፅቲ ስራሕ ክሳብ ዝጅምሩ ኣብ ሓላፍነቶም ይፀንሑ::

18.3 ኣባላት ላዕለዋይ ሽማግለ ንዝህቡዎ ኣገልግሎት ኣይኽፈሎምን

18.4 ላዕለዋይ ሽማግለ ውሳነ ትውስን ብድምፂ ኮይኑ: እቲ ዝለዓለ ድምፂ ዝረኸበ ሓሳብ ድማ ይሓልፍ

18.5 ላዕለዋይ ሽማግለ ካብ ንኡሳን ሽማግለታት ይኹን ካብ ፈፃሚት ሽማግለ ዝቀርቡላ ፀብፃባት ብወረቀት ፅሑፍን ብናይ ባዕላ ኢንተርኔት ፎረምን ኣቢሉ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 19፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ላዕለዋይ ሽማግለ**

19.1 ስራሕቲ ፈፃሚት ሽማግለን ንኡሳን ሽማግለታትን ምክትታልን ብጉባኤ ዝተወሰኑ ወሳኔታት ኣብ ተግባር ምውዓሎም ምቁፅፃርን

19.2 ዓመታዊ ትልሚን ባጀትን ኣዳልዩ ናብ ጉባኤ ብምቅራብ ምፅዳቅ

19.3 ሓላፊነቶም ብግቡእ ንዘይውፅኡ ኣባላት ፈፃሚት ሽማግለ ካብ ስልጣኖም ብምውራድ ናብ ኣባልነት ላዕለዋይ ሽማግለ ምምላስን ብካልኦት ናይቲ ላዕለዋይ ሽማግለ ኣባላት ምትካእን

19.4 ኣባላት ግቡኦም ይፍፅሙ ምህላዎምን መሰሎም ሙሉእ ብሙሉእ ሕልው ምዃኑን ከምኡ ድማ ብመሰረት'ዚ ዓንድን ሕጊን'ዚዩ ግልጋሎት ይኹን ጥቅሚ ኣባላት ዝተሓለወ ምዃኑን ምርግጋፅ

19.5 እቶትን ወፃኢን እታ ኮምዩኒቲ ምክትታልን ምቁፅፃር። ኩሎም ኣባላት'ዛ ሽማግለ'ዚኣ ናይ'ቲ ኮምዩኒቲ ባንኪ ሒሳብ ብኢንተርኔት ኣቢሎም ክሪኡን ክቆፃፀሩን መሰሎምን ግቡኦምን'ዩ::

19.6 ንውሳን ሽማግለታት ንዝገብርኦ ስራሕቲ ሙሉእ ደገፍን ምክትታልን ምግባር

19.7 ኣድላይ ኮይኑ ክርከብ እንተሎ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ክሳብ ካብ ኣባልነት ምእጋድ ዝኸይድ ናይ ስነ ስርዓት ስጉምቲ ምውሳድ

19.8 ንኣሰራርሓ'ቲ ኮምዩኒቲ ዝውዕሉ ሕጋዊ ሰነዳት ምድላው።

### ዓንቀፅ 20፣ ፈፃሚት ሽማግለ

ፈፃሚት ሽማግለ ናይቲ ኮምዩኒቲ ዕለታዊ ተግባራት ተካይድን ብሓፈሻዊ ጉባኤን ላዕለዋይ ሽማግለን ንዝተወሰኑ ውሳነታት ኣብ ተግባር ተውዕልን ብላዕለዋይ ሽማግለ ዝተሰየመት ኣካል እያ:: ተፀዋዕነት ፈፃሚት ሽማግለ ንላዕለዋይ ሽምግለ እዩ:: ኣባላት ፈፃሚት ሽማግለ ድማ

20.1 ኣቦ ወንበር

20.2 ም/ ኣቦ ወንበር

20.3 ፀሐፊ

20.4 ሒሳብ ሹም

20.5 ተሓዝ ገንዘብን እዮም

### ዓንቀፅ 21፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ኣቦ ወንበር

21.1 ናይ'ቲ ኮምዩኒቲ ዕለታዊ ስራሕቲ ብላዕለዋይነት ይመርሕን ይቆፃፀርን

21.2 ምስ ም/ኣቦ ወንበርን ፀሓፊን ኮይኑ ኣጀንዳት ሓፈሻዊ ጉባኤ፡ ላዕለዋይ ሽማግለን ፈፃሚት ሽማግለን የዳሉ

21.3 ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ኣኼባ ላዕለዋይ ሽማግለን ፈፃሚት ሽማግለን ይፅውዕ

21.4 ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ኣኼባ ላዕለዋይ ሽማግለን ፈፃሚት ሽማግለን ይመርሕ

21.5 ናይቲ ኮምዩኒቲ ወግዓዊ ወኪል'ዩ። ብምዃኑ ድማ ነታ ኮምዩኒቲ ወኪሉ ኣብ ካልኦት እታ ኮምዩኒቲ ዝምልከቱ ወይ ድማ ዝተዓደመትሉ ኣኼባታት ይርከብ። እንተኾነ ግና እታ ኮምዩኒቲ ዝተዓደመትሉ ጉዳይ ናብ'ቲ ላዕለዋይ ሽማግለ ኣቅሪቡ ኣድላዪነቱን ተቀባሊነቱን ምስተወሰነ ይኸውን ናብ'ቲ እታ ኮምዩኒቲ ዝተዓደመትሉ ውራይ ዝኸይድ::

### ዓንቀፅ 22፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ም/ኣቦ ወንበር

22.1 ምስ ኣቦ ወንበርን ፀሓፊን ኮይኑ ናይ ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ላዕለዋይ ሽማግለን ፈፃሚት ሽማግለን ኣጀንዳታት የዳሉ

22.2 ኣቦ ወንበር ኣብ ዘየለወሉ ጊዜ ንዕኡ ወኪሉ ይሰርሕ

22.3 ምስ ህዝበ ርክብ ንኡስ ሽማግለ ይተሓባበርን ፈፃሚት ሽማግለ ወኪሉ ኣመራርሓ ይሀብን

22.4 ካሊእ ብላዕለዋይ ሽማግለ ወይ ድማ ብፈፃሚት ሽማግለ ዝወሃቦ ስራሕ ይሰርሕ

**ዓንቀፅ 23፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ፀሓፊ**

23.1 ምስ ኣቦ ወንበርን ም/ ኣቦ ወንበርን ኮይኑ ኣጀንዳታት ሓፈሻዊ ጉባኤ፡ ላዕለዋይ ሽማግለን ፈፃሚት ሽማግለን የዳሉ።

23.2 ኣባላት ይምዝግብ፣ መዝገብ ኣባላት ይሕዝ፣ ናይ ኣባል መንነት ይህብ

23.3 ኣብ ጉባኤ ላዕለዋይ ሽማግለን ፈፃሚት ሽማግለን ተረኺቡ ቃለ ጉባኤ ይሕዝ

23.4 ቃለ ጉባኤ ምስ ኣቦ ወንበርን ም/ኣቦ ወንበርን ተናቢቡ ይፍርም

23.5 ቃለ ጉባኤ ላዕለዋይ ሽማግለን፣ ፈፃሚት ሽማግለን ብኣባላት እተን ሽማግለታት ከም ዝፍረም ይገብር

23.6 ዘድሊ ሓበሬታ ንኣባላት ከም ዝበፅሕ ይገብር

23.7 ሰነዳት ኮምዩኒቲ ብስርዓት ከምዝተሓዙ ይገብር

23.9 ማሕተም ኮምዩኒቲ ይሕዝ፣ ብዝምልከቶም ሰብ መዚ እታ ኮምዩኒቲ ዝተዳለው ደብዳበታት ናብ ዝምልከቶም ከም ዝለኣኹ ይገብር

23.10 ምስ ሚድያን ኮምዩኒኬሽንን ንኡስ ሽማግለ ይተሓባበርን ፈፃሚት ሽማግለ ወኪሉ ኣመራርሓ ይህብን

23.11 ካሊእ ብላዕለዋይ ሽማግለ ወይ ድማ ብፈፃሚት ሽማግለ ዝወሃቦ ስራሕ ይሰርሕ

**ዓንቀፅ 24፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ሒሳብ ሹም**

24.1 ኣቶትን ክፍሊትን እታ ኮምዩኒቲ ኣብ መዛግብቲ ሒሳብ እታ ኮምዩኒቲ መዝጊቡ ይሕዝ

24.2 እቶት ብዕላዊ ቅብሊት ከም ዝኣተወን ክፍሊት ድማ ብባጀት ዝተታሕዘን ምኻኑ የረጋግፅ

24.3 በብወርሑ መዛግብቲ ሒሳብ ብምዕፃው ናይ እቶትን ክፍሊትን ሪፖርት ንላዕለዋይ ሽማግለ ብኢንተርኔት ፎረሞም ኣቢሉ የቅርብ

24.4 ተቆፃፃሪት ሽማግለ ሒሳብ ኣብ ትምርምረሉ ጊዜ ሰነዳት እቶትን ክፍሊትን ብምቅራብ ይተሓባበር

24.5 ብቅብሊት ዝተኣከበ እቶት ኣብቲ ናይ ኮምዩኒቲ ሒሳብ ባንኪ ከም ዝኣተወ ይቆፃፀር

24.6 ምስ ናይ ትምህርቲ ንኡስ ሽማግለ ይተሓባበርን ፈፃሚት ሽማግለ ወኪሉ ኣመራርሓ ይህብን

24.7 ካሊእ ብላዕለዋይ ሽማግለ ወይ ድማ ብፈፃሚት ሽማግለ ዝወሃቦ ስራሕ ይሰርሕ

**ዓንቀፅ 25፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ተሓዚ ገንዘብ**

25.1 እቶት ኮምዩኒቲ ቅብሊት ብምሃብ ይቅበል

25.2 ነቲ ብቅብሊት ዝተቀበሎ ገንዘብ ኣብቲ ብስም ኮምዩኒቲ ዝተኸፍተ ናይ ባንክ ሒሳብ የእቱ

25.3 ወርሓዊ ፀብፃብ ኣሰናዲኡ ምስ ዘድልዩ ሰነዳት ንሒሳብ ሹም የቅርብ

25.4 ተቆፃፃሪት ሽማግለ ሒሳብ ኣብ ትምርምረሉ ጊዜ ሰነዳት እቶት ባንክን ብምቅራብ ይተሓባበር

25.5 ናይታ ኮምዩኒቲ ናይ ባንክ ቸክ ይሕዝ፣ ብፈፃሚት ሽማግለ ንዝተፈቅደን ብኣቦ ወንበር ንዝተፈረመን ሰሩዕ ይኹን ካልኦት ክፍሊታት ብቸክ ይኸፍል። ነናይ ሕድሕድ ቸክ ቅዳሕ ድማ ኣብ ውሽጢ 3 ማዕልታት ንሒሳብ ሹም ብኢመይል ይልእኽ። ከምኡ ድማ ዝርዝር ወፃኢን ኣታውን በብወርሑ ንላዕለዋይ ሽማግለ የቕርብ።

25.6 ምስ ናይ ሓገዝ መተኣኻኸቢት ንኡስ ሽማግለ ይተሓባበርን ፈፃሚት ሽማግለ ወኪሉ ኣመራርሓ ይህብን

25.7 ካሊእ ብላዕለዋይ ሽማግለ ወይ ድማ ብፈፃሚት ሽማግለ ዝወሃቦ ስራሕ ይሰርሕ

**ዓንቀፅ 26፣ ንኡሳን ሽማግለታት**

ኮምዩኒቲ ትግራይ ኣትላንታ ንኣባላታ ይኹን ንዘይ ኣባላታ ኣብ'ዙ ዓንድን ሕጊን ተጠቂሶም ንዘለዉን ካልኦት ዘይተጠቅሱን ግልጋሎታት እትህበሉን፣ ካብ ኣባላታ ይኹኑ ዘይኣባላታ ነፃ ግልጋሎት ብምርካብ ዕላማኣ እተሳኽዐሉን ብንኡሳን ሽማግለታታ ኣቢላ ይኸውን። በ'ዚ መሰረት ዝቆማ ድማ 4 ንኡሳን ሽማግለታት ይህልውኣ። እዘን ንዉኡሳን ሽማግለታት ድማ ነንሕድሕደአን ናይ ኣገልግሎት ዘመኖም ክልት ዓመት ብዝኾነ ሰሰለሰተ መራሕቲ ማለት ኣቦ ወንበር፣ ፀሓፊን ኣባልን ይምረሓ። ንሳተን ድማ

1. ናይ ህዝበ ርክብ
2. ናይ ሚድያን ኮምዩኒኬሽንን
3. ናይ ትምህርቲ
4. ናይ ሓገዝ ኣታኣኻኻቢትን እየን።`

**ዓንቀፅ 27፣ ስራሕን ሓላፊነትን ህዝበ ርክብ ሽማግለ**

27.1 ተፀዋዒነታ ንፈፃሚት ሽማግለ ኮይኑ ርክባ ምስ ም/ኣቦ ወንበር ናይ'ቲ ኮምዩኒቲ ይኸውን

27.2 ኣብ ሓደ ግቡኡ ዘማለአ ኣባል ኮምዩኒቲን ዕዮሉን ናይ ሞት ሓደጋ እንተጋጥም ካብ'ቲ ብመሰረት ዓንቀፅ 5 ዝተዋፅአ ገንዘብ $15,000.00 ንክወሃብ ትገብር

27.3 ሓደ ግቡኡ ዘማለአ ኣባል ኮምዩኒቲ ወለዲ ካብ ካልእ ዓዲ ንክሪኡዎ መፂኦም ናይ ሞት ሓደጋ እንተጋጢሙዎም ድማ ካብ'ቲ ብመሰረት ዓንቀፅ 5 ዝተዋፅአ ገንዘብ ናይ $5,000.00 ሓገዝ ንኽግበረሉ ትገብር።

27.4 ኣብ መንጎ ኣባላትና ንዝፍጠሩ ዘይምቅድዳዋት ንምፍታሕ ትፅዕር

27.5 ካብ ሃገርና ናብ ከባቢና ንዝመፁን ሰብ ዘይብሎም ኣጋይሽ ብዝተኽኣለ መጠን ናብ ዝምልከቶም ቤት ፅሕፈት ስደተኛታት ብምውሳድን ቅጥዒታት ብምምላእን፣ ናብራ'ዙ ዓዲ ምልላይን ካልኦት ዓቕማ ዝፈቅዶም ደገፋትን ትገብር

27.6 ብቤት ፍርዲ ኣብ ኮምዩኒቲታት ምኽሪ ንክወሃቦም ተፈሪዱሎም ናብ ኮምዩኒቲና ንዝመፁ ኣባላትና ይኹኑ ዘይ ኣባላትና ተቀቢላ ምኽሪታታ ትልግስ

27.7 ኣባላት ብሕማም ይኹን ካልእ ምኽንያት ካብ ስራሕ ወፂኦም ኣብ ፀገም ኣብ ዝወደቁሉ እዋን ሓገዝ ዝረኽቡሉ ኩነታት ትደሊ። እዙ ሓገዝ'ዙይ ካብ መንግስታዊ ይኹን ዘይመንግስታዊ ኣካላት ከምኡ ድማ ካብ ኣባላትና ዝርከብ ክኸውን ይኽእል።

27.8 መሰል ኣባላትና ኣብዝተግሃሰሉ እዋን ይኹን ከም ኮምዩኒቲ ክንሳተፈሉ ዝግበእና ሰላማዊ ሰልፍታት ንክዕዋዕ ትገብርን ተተሓባብርን

### ዓንቀፅ 28፣ ስራሕን ሓላፊነትን ሚዲያን ኮምዩኒኬሽንን ሽማግለ

28.1 ተፀዋዒነታ ንፈፃሚት ሽማግለ ኮይኑ ርክባ ምስ ዋና ፀሓፊ ይኸውን

28.2 ናይ'ቲ ኮምዩኒቲ ዌብሳይት ተመሓድርን ትከናኸንን

28.3 ናይ ላዕለዋይ ሽማግለ፣ ናይ ተምሃሮን ኣባላትን ፎረማት ትኸፍት

28.4 ብትምህርቲ ሽማግለ ንዝወሃቡ ናይ ቋንቋ ይኹኑ ካልኦት ትምህርታዊ ምድላዋት ኣብ'ቲ ዌብሳይት ብምንባር ንተጠቀምቲ ከምዝበፅሑ ትገብርን ትቆፃፀርን

28.5 ካብ ዝተፈላለዩ ሽማግለታት ንዝመፁ መልእኽቲታት ኣብ'ቲ ዌብሳይት ትጥቅዕ

28.6 ናይ ግጥሚን ስነፅሑፍን ልምዲ ይኹን ድልየት ንምጉልባት ኣብ'ቲ ዌብሳይት ቦታ ብምድላው ካብ ኣባላትና ንዝለኣኹ ፅሑፋት ተተኣናግድ

28.7 ብተምሃሮ ደቅና ንዝቀርቡ ናይ ኢድ ስእሊታት ይኹኑ ናይ ፈጠራ ስራሕቲ ቦታ መዲባ ተተኣናግድ

### ዓንቀፅ 29፣ ስራሕን ሓላፊነትን ትምህርቲ ሽማግለ

29.1 ተፀዋዒነታ ንፈፃሚት ሽማግለ ኮይኑ ርክባ ምስ ሒሳብ ሹም ይኸውን

29.2 ቋንቋታት ትግርኛን ኣምሓርኛን ንደቅና ይኹን ዌብሳይትና ንዝከታተል ተቅርብ

29.3 ተምሃሮ ካብ ስሩዕ ትምህርቶም ዕረፍቲ ኣብዝኾኑሉ እዋን ድማ ብሓባር ኮይኖም ኣብ ክፍሊታት ንክመሃሩ ትገብር

29.4 ታሪኽና ቋንቋናን ባህልናን ብሓፈሽኡ ኢትዮጵያዊ መንነትና ዘማዕብሉ ኮሎም ዓይነት መፃሕፍቲን ቪዲዮታትን ከምኡ ድማ ካልኦት ኣብዙይ ዘይተዘርዘሩ ነገራት ተቅርብ

29.5 ደቅና ኣካዳሚያዊ ብቕዓቶም ንክጥንክርን ክሳዕ መወዳእታ ንክመሃሩን ዝዓለመ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ (tutorial) ብኣካል፣ ብስልኪ ከምኡ ድማ ብዌብሳይት ፎረማትን ካልኦት ዘመን ዝፈጠሮም ውዕኢት ቴክኖሎጂን ተጠቂማ ትሁብ

29.6 ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ንሓደሽቲ መፃእቲ ትምህር

29.7 ኣጠቃቅማ ኢንተርኔት ኩሉ ኣባልና ንክፈልጥ ዕላማኣ ትገብርን ትምህርን

29.8 ዝዓብዩ መናእሰያት ደቅና ንክፈልጡዎም ዝግባእ ሓደገኛ ዝኾኑ ነገራት ንክፈልጡ ትገብር

29.9 ስፖርት ኣብ ኮምዩኒቲና ልሙድ ንክኸውን ትገብር

**ዓንቀፅ 30፣ ስራሕን ሓላፊነትን ሓገዝ መተኣኻኸቢት ሽማግለ**

30.1 ተፀዋዒነታ ንፈፃሚት ሽማግለ ኮይኑ ርክባ ምስ ተሓዚ ገንዘብ ናይቲ ኮምዩኒቲ ይኸውን

30.2 ካብ መንግስቲ ኣሜሪካ (ፌደራል ይኹን ስቴት) ከምኡ ድማ ካብ ካልኦት መንግስታዊ ዘይኮና ትካላት ንክም ኮምዩኒቲና ዝኣመሰሉ ዝወሃቡ ሓገዛት እንተልዮም ተፅንፅን ትፍትሽን፣ ምስዝህልው ድማ ዕላዊ ናይ ሓግዙና ደብዳቤ ብኣቦ ወንበር እቲ ኮምዩኒቲ ንክፀሓፍ ትገብር

30.3 ኮምዩኒቲና ንተካይደም ናይ ገንዘብ ምትእኽኻብ መድርኻት ተዳሉን ትመርሕን

**ዓንቀፅ 31፣ ተቆፃፃሪት ሽማግለ**

31.1 ተቆፃፃሪት ሽማግለ ቅድሚ ስሩዕ ጉባኤ ኣብዝግበር ሓፈሻዊ ናይ ኣባላት ኣኼባ እትምረፅ ሰለስተ ኣባላት ማለት ኣቦ ወንበር፣ ፀሓፊን ኣባልን ዘለዉዋ ኣካል እያ

31.2 ዘመን ኣገልግሎት ተቆፃፃሪት ኮሚቴ ካብ ዝተመረፀትሉ ክሳብ መደበኛ ጉባኤ ዝካየድ እዩ

21.3 ተፀዋዕነት ተቆፃፃሪት ሽማግለ ንሓፈሻዊ ጉባኤ እዩ::

**ዓንቀፅ 32፣ ሓላፍነት ተቆፃፃሪት ሽማግለ**

32.1 እቶትን ክፍሊትን ብኣግባቡ ዝተትሓዘ ምዃኑን ትቆፃፀር

32.2 ኣታዊታትን ወፃኢታትን ኮምዩኒቲ ብሕጋዊ ሰነዳት ዝተፈፀሙ ምዃኖምን ተረጋግፅ

32.3 ኩሎም ንብረታት'ታ ኮምዩኒቲ ብዝግባእ ክንክን ዝተትሓዙ ምዃኖም ተረጋግፅ

32.4 ተቆፃፃሪት ሽማግለ ስራሓ ኣብተካይደሉ እዋን ኩሉ ናይ'ዚ ኮምዩኒቲ ኣባል (ካብ ኣባላት ላዕለዋይ ዝማግለ ጀሚሩ ክሳብ ኣባል) ሙሉእ ትሕብብር ንክገብረላ ይግደድ

32.5 ተቆፃፃሪት ሽማግለ ምርመራኣ ምስወድኣት ውፅኢቱ ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ተቕርብ

**ዓንቀፅ 33፣ መምረፂት ሽማግለ**

ብጉባኤተኛታት ዝተመርፁ ሰለስተ ኣባላት ዘለዉዋ ኣብቲ ጉባኤ ዝካየደሉ ዕለት እትምረፅ ኮይና ኣብ መንጎ ዝፀንሑን ሕደሽቲ ተመተፅቲን ርክክብ እስካብ ዝፍፀም እትፀንሕ ኣካል እያ።

**ዓንቀፅ 34፣ ስልጣንንን ሓላፍነት መምረፂት ሽማግለ**

34.1 ድምፂ ዝህቡ ኣባላት ኣብ'ዚ ውሽጠ ደንቢ ዓንቀፅ 7ን 37ን ዝተመልከተ መመዘኒ ዘማልኡ ምዃኖም ተረጋግፅ

34.2 ንኣባልነት ላዕለዋይ ሽማግለን ንኡሳን ሽማግለታትን ዝወዳደሩ ኣባላት ጥቆማ ካብ ጉባኤተኛታት ትቅበል

34.3 እቶም ዝተጠቀሙ ኣባላት ኣብ'ዚ ዓንድን ሕጊን ዓንቀጽ 36 ዝተመልከተ መመዘኒ ዘማልኡ ምኳኖም ምስ ኣረጋገፀት ንጉባኤተኛታት ተፋልጥ

34.4 ኣወሃህባ ድምፂ ብኢድ ምውፃእ ወይ ድማ ብካርድ ይኸውን

34.5 ኣወሃህባ ድምፂ ምስተፈፀመ ሽዑ ንሽዑ ኣብ ቅድሚ ኣባላት ተቖፂሩ ውፅኢቱ ይግለፅ

34.6 እቲ ከይድን ውፅኢቱን ኣብ ቃለ ጉባኤ ተመዝጊቡ ብኣባላት እታ መምረፂት ሽማግለ ተፈሪሙ ንዝምረፅ ፀሓፊ ላዕለዋይ ሽማግለ ይወሃብ

34.7 መምረፂት ሽማግለ ክሳብ ተመረፅቲ ነናይ ስራሕ ሓላፊነቶም ዝመዳደቡን ኣብ መንጎ ነባርን ሓደሽቲ ሽማግለታት ርክክብ ዝፍፀምን ኣብ ሓላፊነታ ትፀንሕ

**ዓንቀፅ 35፣ መረፃ**

35.1 ኩሉ መረፃ ኮምዩኒቲ ዝካየድ በታ ብጉባኤተኛታት ዝተመርፀት መምረፂት ሽማግለ እዩ::

35.2 ንዝተፈላለያ ሽማግለታት ዝካየድ መረፃ ሓደሽቲ ኣባላት ኣብ ስሩዕ ጉባኤ ኣብ ክልተ ዓመት ሓደ ጊዜ ከምኡ ድማ ኣብ ዝፅውዑ ህፁፃት ጉባኤታት ዝካየድ ይኸውን

**ዓንቀፅ 36፣ መመዘኒ ተመረፅቲ**

ኣብ ኩለን ሽማግለታት እታ ኮምዩኒቲ ክገልግሉ ብተመራፅነት ዝቀርቡ ኣባላት ንዘን ዝዝዕባ መመዘንቲ ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም::

36.1 ናብ መረፃ ኣብ ዝቀረቡሉ እዋን ኣብ ናይ ሃይማኖት፣ ናይ ፖለቲካ ወይ ድማ ብትግራይ ሱም ናይ ዝተመስረታ ውዳበታት ብመራሒነት ተመሪፆም ኣብምግልጋል ዘይርከቡ። እዙይ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ናይ ጥቅሚ ጎንፂን ናይ መራሕቲ ስራሕ ምድርራብ ኣብ ልዕሊ ኮምዩኒቲና ንዘምፅኦ ኣሉታዊ ተፅዕኖ ንምውጋድን እዩ።

36.2 መረፃ ቅድሚ ምክያዱ እንተወሓደ ንሽዱሽት ኣዋርሕ ብኣባልነት ተመዝጊቦም ዝፀንሑ ወርሓዊ ክፍሊቶም ኮነ ካልእ ዝምልከቶም ክፍሊት ብምኽፋል ውዙፍ ዘይብሎም

36.3 ካብ ሓደ ቤተሰብ ካብ ሓደ ንላዕሊ ንመረፃ ኣይቀርቡን።

**ዓንቀፅ 37፣ መመዘኒ መረፅቲ**

መረፃ ቅድሚ ምክያዱ እንተወሓደ ንሽዱሽተ ወርሒ ብኣባልነት ተመዝጊቦም ዝፀንሑ ወርሓዊ ክፍሊቶም ኮነ ካልእ ዝምልከቶም ክፍሊት ካብ ሰለስተ ወርሒ ንላዕሊ ዝኾነ ውዙፍ ዘይብሎም

**ዓንቀፅ 38፣ ከይዲ መረፃ**

38.1 ኣብ'ቲ ዕለተ ጉባኤ ብመሰረት ዓንቀፅ 13 ምልኣተ ጉባኤ ከምዝመልአ ምስ ተረጋገፀ መምረፂት ሽማግለ ንመረፃ ንዝወዳደሩ ኣባላት ጥቆማ ትቅበል

38.2 መዝገብ ተጠቆምቲ ተመርሚሩ ብመሰረት ዓንቀፅ 36 ተመሪፅቲ መመዘኒ ዘማልኡ ምዃኖም ይረጋገፅ

38.3 ንላዕለዋይ ሽማግለ 18 ኣባላት ይጥቆሙ ንንኡሳን ሽማግለታት ድማ ነንሕድሕደአን 5 ኣባላት ይጥቆሙ

38.4 መረፃ ኢድ ብምውፃእ ወይ ድማ ብካርድ ይኸውን

38.5 ዝተውሃበ ድምፂ ተቆፂሩ እቶም ተወዳደርቲ ዝረኸቡዎ ድምፂ ኣብ ዕለቱ ንኣባላት ይንገር

38.6 ካብቶም ተወዳደርቲ እቶም ዝለዓለ ድምፂ ዝረኸቡ 13 ተወዳደርቲ ኣባላት ላዕለዋይ ሽማግለ ይኾኑ:: ክልተ ተወዳደርቲ ብተመሳሳሊ ድምፂ መበል 13 እንተኾይኖም ኣብ ክልቲኦም ዳግመ መረፃ ይካየድ

38.7 ነንሕድሕደአን ንኡሳን ሽማግለታት ንዝመርሐ ድማ ሰሰለስተ ይምረፁ።

38.8 ክልተ ተጠባበቅቲ ንላዕለዋይ ሽማግለ ከምኡ ድማ ነንሕድሕደአን ንኡሳን ሽማግለታት ሓድሓደ ካብቶ'ም ዝልዓለ ድምፂ ዝረኸቡ ተጠባበቅቲ ይኾኑ።

**ዓንቀፅ 39፣ ኣባል ኣብ ዘየለወሉ ምምራፅ**

መመዘኒ ተመራፃይ ዘማልአ ኣባል፡ ፍቃድኛ ምዃኑ እንተ ተረጋጊፁ ንሱ ኣብዘየለወሉ ንመረፃ ቀሪቡ ክወዳደር ይኽእል እዩ::

**ዓንቀፅ 40፣ ምትካእ ኣባል ሽማግለ**

ሓደ ኣባል ሽማግለ ኮይኑ ዝተመርፀ ውልቀ ሰብ ዘመን ኣገልግሎቱ ከይወደአ ሓላፍነቱ እንተ ገዲፉ ብመሰረት ዓንቀፅ 38 ቁፅሪ 8 ካብ'ቶም ተጠባበቅቲ ይትካእ

**ዓንቀፅ 41፣ ምርኽኻብ**

41.1 ሓዱሽ ዝተመርፀ ላዕለዋይ ሽማግለ ስርሑ ዝጅምር ምስ'ቲ ነባር ሽማግለ ናይ ሰነድል፣ ገንዘብን ንብረትን ምርኽኻብ ምስተኻየደ እዩ።

41.2 እታ ነባር ሽማግለ መምረፂት ሽማግለ ኣብ ዝተረኸበትሉ ነታ ሓዱሽ ዝተመርፀት ሽማግለ ሰነድ፣ ገንዘብን ንብረትን ተረክብ

41.3 መምረፂት ሽማግለ፣ ሰነዳትን ገንዘብን ምስ ንብረት ኣመሰኻኺራ ምስ ኣረጋገፀት እቲ ምርኽኻብ ይፍፀም

41.4 ኣባላት እታ ሓዳሽ ስራሕ ፈፃሚት ሽማግለን ነባር ፈፃሚት ሽማግለን ከምኡ'ውን መምረፂት ሽማግለ ኣብ'ቲ ናይ ርኽክብ ሰነድ ይፍርሙ:: እቲ ናይ ርኽክብ ሰነድ ድማ ነንሕድሕደኦም ፈረምቲ ቀቅዳሖም ይወሃብ

41.5 እታ ሓዳሽ ፈፃሚት ሽማግለ ንብረትን ገንዘብን ካብ ዝተረከበትሉ ዕለት ጀሚራ ስራሓ ትጅምር

41.6 ርኽክብ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ክፍፀም ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 42፣ ስነ ስርዓታዊ ስጉምቲ**

42.1 ሓደ ኣባል ጉድለት ስነ ስርዓት ክፍፅም እንተሎ: እቲ ዝፈፀሞ ጉድለት ድማ ነዚ ዓንድን ሕጊን ዝጠሓሰ፣ ናይቲ ኮምዩኒቲ ሰላም ዝዘርግ ወይ ድማ ነታ ኮምዩኒቲ ዝጎድእን ኮይኑ ክርከብ እንተሎ ኣባላት ላዕለዋይ ሽማግለ ነቲ ኩነታት መርሚሮም ምስ ኣፃረዩ ዘድሊ ውሳነ ይህቡሉ:: እቲ ውሳነ ክሳብ ካብ ኣባልነት ምእጋድ ዝኸይድ ይኸውን

42.2 ሓደ ኣባል ላዕለዋይ ሽምግለ ድማ:

ሀ) መንበሪኡ ካብ ኣትላንታን ከባቢኣን ወፃኢ እንተቀይሩ

ለ) ብዘይ እኹል ምኽንያት ካብ ሓደ መዓልቲ ንላዕሊ ኣኼባ እታ ሽማግለ እንተብድዩ

ሐ) ኣባል ፈፃሚት ሽማግለ ኮይኑ ብዘይ እኹል ምኽንያት ካብ ሓደ መዓልቲ ንላዕሊ ኣኼባ እታ ሽማግለ እንተብድዩ

መ) ኣብ ዓንቀፅ 31 ዝተመልከታ መመዘኒ ዘየማልእ ኮይኑ እንተተረኺቡ

ሠ) ብፍቃዱ ካብ ኣባልነት ኮምዩኒቲ እንተ ወፂኡ ንሱ ካብ ኣባልነት እታ ሽማግለ ወሪዱ ብመሰረት ዓንቀፅ 40 ብኻልእ ኣባል ይትካእ::

42.3 ሓደ ኣባል ላዕለዋይ ሽማግለ ኣብ'ዛ ዓንቀፅ'ዚኣ ቁፅሪ 2 ካብ ዝተመልከታ ምኽንያታት ወፃኢ ካብ ዝተመረፀሉ ሽማግለ ክወርድ ዝኽእል እቲ ጉዳይ ናብ ጉባኤ ቀሪቡ ክውሰን እንተሎ ጥራይ እዩ።

**ዓንቀፅ 43፣ ዝወፀ ኣባል ክምለስ ዝኽእለሉ ኣገባብ**

43.1 ሓደ ኣባል ብላዕለዋይ ሽማግለ ንዝተወሰነሉ ካብኣባልነት ናይ ምእገድ ስጉምቲ እንተዘተቀቢሉዎ ናብ ጉባኤ ቀሪቡ ይረኣየለይ ናይ ምባል መሰል ይህልዎ። እቲ ጉባኤ ነቲ ብላዕለዋይ ሽማግለ ዝተወሰነ ናይ እገዳ ስጉምቲ እንተፍሪሱዎ ድማ እቲ ኣባል ሙሉእ ኣባልነቱ ካብቲ ዝተኣገደሉ ዕለት ጀሚሩ ይምለሰሉ፣ መሰሉን ግቡኡን ከምቲ ዝነበረ ይቅፅል፣ በቲ እገዳ ምኽንያት ዝጎደሎ ጥቅሚ እንተነይሩ ይማለአሉ።

43.2 ሓደ ኣባል ብውሳነ ጉባኤ ካብ ኣባልነቱ እንተተሰናቢቱ ናብ ኣባልነቱ ንክምለስ ዝኽእል ነቲ ዘሰናበቶ ጉባኤ ናይ ይቅርታ ይገበረለይ ሕቶ ከቅርብ እንተሎ ጥራይ እዩ። እቲ ጉባኤ ነቲ ኣባል ይቅርታ እንተገይሩሉ ድማ እቲ ኣባል ኣባልነቱ ካብ ዝተቋረፀሉ ዕለት ጀሚሩ እስካብ ይቅርታ ዝተገበረሉ ዕለት ዘለው ሕሉፍ ናይ ኣባልነት ክፍሊታትን ካልኦት ኣባላት ዝኸፈሉዎም ካልኦት ክፍሊታትን ከፊሉ ምስወደአ ናይቲ ኮምዩኒቲ ኣባል ኮይኑ ይቅፅል። ነዚ ኣከያይዳዙይ ዘይተኸለ ካ ብ ኣባልነቱ ዝተሰናበተ ኣባል ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ከም ሓዱሽ ኣባል ኮይኑ ክኣቱ ኣይክእልን።

43.3 ሓደ ኣባል ብናይ ባዕሉ ውሳነ ካብ ኣባልነት ክወፅእ እንተደልዩ ዝወፅእ ዘሎ ምኽኒኑ ነቲ ላዕለዋይ ሽማግለ ብፅሑፍ ከፍልጦ ይግባእ። ላዕለዋይ ሽማግለ ድማ ኣባልነቱ ብኣገባቡ እናተዋፅአ ዝፀንሐን ምንም ዓይነት ዘይተኸፍለ

ክፍሊት ዘይብሉ ምኳኑ ምስ ኣረጋገፀ ስንብቱ ቅቡል ይገብረሉ። ብኽምዙይ ኣገባብ ዝወፀ ኣባል ክምለስ እንተደልዩ ከም ሓዱሽ ኣባል ዝግበዎኦ ከፊሉ ክኣቱ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 44፣ ዓንድን ሕጊን**

ዓንቀፃት እዚ ዓንድን ሕጊን ንምስራዝ፣ ንምቅያር፣ ንምምሕያሽ ወይ ድማ ሓደሽቲ ዓንቀፃት ንምውሳኽ ዝከኣል ኣብ ጉባኤ ቀሪቡ ክፀድቅ እንተሎ ጥራይ እዩ::

**ዓንቀፅ 45፣ ተሓታትነት**

ኣባላት ኮምዩኒቲ ኮኑ ተመረፅቲ እታ ኮምዩኒቲ ከም ትካል ኣብ ትኣትዎ ግቡእ ኮነ ዕዳ ብውልቀ ሰብ ኮነ ብሕብረት ተሓተትቲ ኣይኾኑን:: ኣብ ልዕሊ’ታ ኮምዩኒቲ ካብ ዝቀርብ ክሲ ኮነ መቕፃዕቲ ነፃ እዮም:: እንተኾነ ግና እቲ ጉድለት ብዘይምግዳስ፣ እምነት ብምጉዳል ወይ ድማ ኮነ ኢልካ ዝተፈፀመ ገበን ምኳኑ እንተተረጋጊፁ እቶም ኣብ’ቲ ገበን ዝተሳተፉ መራሕቲ ተጠየቅቲ ክኾኑ እዮም::